| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
| --- | --- | --- |
| 21 **የካቲት** | **ዘፍ** 15፡ 5-12, 17-18<br>**መዝ** 27፡ 1, 7-9, 13-14<br>**ፊሊ** 3፡ 17--4፡ 1<br>**ሉቃ** 9፡ 28-36 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ዘፍጥረት 15 ብዛዕባ እግዚኣብሔር ንኣብራም ኪዳን ከም ዝኣተወሉ ይነግረና። "ንግዳም ኣውፂኡ ድማ 'ንሰማይ ጠምት፡ ምቑጻሮም እትኽእል እንተ ኼንካ ኸዋኽብቲ ቑጸር' በሎ። ኣስኺቡውን 'ዘርእኻ ከምኡ ብዙኅ ክኸውን እዩ' በሎ። ኣብራም ድማ ብእግዚኣብሔር ኣመነ፡ እግዚኣብሄር ድማ ንጽድቂ ቆጸረሉ።" ይብለና። ቀጺሉ እቶም ዘርኡ ኣብ ግብጺ ን400 ዓመታት ባሮት ከም ዝኾኑን፡ ኣምላኽ ካብኡ ባዕሉ ሓራ ከም ዘውጽኦምን ከኣ ብሕልሚ ይገልጸሉ።<br>• መዝሙር 27 ከኣ "እግዚኣብሔር ብርሃነይን ምድኃነይን እዩ፣ ካብ መን ደኣ እየ ዝፈርህ? እግዚኣብሔር ኃይሊ ሕይወተይ እዩ፣ ካብ መንከ እየ ዝሰምብድ? . . . ኦ እግዚኣብሔር፡ ኣባኻ ክምህለል ከሎኹ ስምዓኒ፣ ምሓረኒ እሞ ምለሰለይ። . . . ገጽካ ኣይትሕብኣለይ። ንዓይ ንባርያኻ ተቐጢዕካ ኣይትደርብየኒ፣ ንስኻ ረዳእየይ ኢኻ እሞ፣ ኦ ኣምላኽ ድኅነተይ፡ ኣይትጠንጥነኒ፡ ኣይትኅደገኒ። . . . ኣነ ንለውሃት እግዚኣብሔር ኣብዚ ምድሪ እዚ ብሕይወት ከሎኹ ከም ዝርእዮ እኣምን እየ። ብእግዚኣብሔር ተሰፎ፡ በርትዕ፡ ልብኻ ቀጥ ይበል፣ ኣጆኻ እወ፡ ብእግዚኣብሔር ተሰፋ ግበር።" ይብል።<br>• መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ፊሊጲ 3 ከኣ "ኣኅዋተይ ንኣይ ምሰሉ፣ ነቶም በታ ዝሃብናኩም ኣርኣያ ዚነብሩ ኸኣ ኣስተውዕሉሎም። . . . ብዙኃት ጸላእቲ መስቀል ክርስቶስ ኮይኖም ይነብሩ ኣለዉ። መወዳእታኦም ጥፍኣት እዩ፣ ኣምላኾም ከብዶም እዩ፣ ክብረቶውን ነውሮም እዩ፣ ሓሳቦም ከኣ ምድራዊ እዩ። ንሕና ግና ሃገርና ኣብ ሰማያት እዩ። ካብኣ ድማ ንመድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ንጽበ ኣሎና። . . . እምበኣር እቱም ኣኅዋተይ ኣነ ዘፍቅረኩምን ዝናፍቐኩምን፡ ሓጎሰይን ኣኽሊለይን ዝኾንኩም ፍቁራት ኣኅዋተይ፣ ኣብ ጐይታ ጸኒዕኩም ንበሩ።" ይብለና።<br>• ወንጌል ሉቃስ 9 ከኣ ብዛዕባ ትርኢት ኢየሱስ ኣብ እምባ ከም ዝተለወጠ ይነግረና። "ኪጽሊ ከሎ ትርኢት ገጹ ተለወጠ፣ ክዳውንቱውን ዜንጸባርቕ ፃዕዳ ኾነ። እንሆ ከኣ ክልተ ሰባት፡ ሙሴን ኤልያስን፡ ምስኡ ይዘራረቡ ነበሩ። ብግርማ ኸኣ ተገልጹ፣ ብዛዕባ እቲ ኣብ ኢየሩሳሌም ኪፍጸም ዘለዎ ሞቱ ድማ ይዛራረቡ ነበሩ። . . . እቶም ምስኡ ዝነበሩ ኻብኡ ኪፍለዩ ኸለዉ፡ ጴጥሮስ ንኢየሱስ 'መምህር፡ ንኣና ኣብዚ ክነብር ጽቡቕ እዩ። ሓደ ንኣኻ፡ ሓደ ንሙሴ፡ ሓደ ንኤልያስ፡ ሠለስተ ዱንኳን ክንሠርሕ' በሎ። ዚብሎውን ኣይፈልጥን ነበረ። ንሱ እዚ ኪዛረብ ከሎ፡ ደመና መጺኡ ኣንጸላለዎም፣ ናብቲ ደመና ኪኣትዉ ከለዉ ኸኣ ፈርሁ። ካብቲ ደመና፡ 'እቲ ዝኃረኽዎ ወደይ እዚ እዩ፣ ንእኡ ስምዕዎ፣' ዚብል ድምፂ ተሰምዐ፣" ይብለና።<br><br>እግዚኣብሔር ከምቲ ንኣቦና ኣብርሃም ዘተስፈዎ ገበረሉ። ንዘርኡ ክቑጸር ዘይኽእል ዓቢይ ሕዝቢ ገበሮ። ሙሴ ከኣ ነቲ ንኣብርሃም ኣምላኽ ብሕልሙ ዝገለጸሉ፡ ነቶም ኣብ ባርነት ዝነበሩ ዝነበሩ ደቂ ኣብርሃም ብትእዛዝን ብቅልጽምን እግዚኣብሔር ካብ ምድሪ ባርነት ኣውጺኡ ናብ ምድሪ ተስፋ የእትዎም። ነብይ ኤልያስ ድማ ሓደ ካብቶም ዓበይቲ ነብያት ንሕዝቢ እስራኤል ነቲ ምስ ኣምላኽ ዝኣተውዎ ኪዳን ከይጠልሙን ንእግዚኣብሔር ጥራይ ኬምልኹን፡ ዝመሃረን ዝመርሐን ቃል ኣምላኽ ዝነገረን እዩ። ኢየሱስ ከኣ ብመስቐሉን ሞቱን ትንሥኤኡን፡ ኩሎም ዓሌታትን ኣሕዛብን ዝሓቘፈ ክቑጸር ዘይከኣል ሓዲሽ ሕዝቢ እስራኤል መሪሑ ናብ ድኅነት ዘብጽሓና ከም ዝኾነ ናይ ሎሚ ቃል እግዚኣብሔር የርእየና። ንስኻ/ኺ ኣነን ኩላትና ደቂ ቤተክርስቲያን ደቂ ኣብርሃም ኢና። ደቂ እታ ኣንጸባራቒት ሰማያዊት መንግሥቲ ድማ ኢና። ሓደ መዓልቲ ምስ ኢየሱስ ክንትንሥእ ኢና። ከምቲ ናይ ኢየሱስን ሙሴን ኤልያስን ድማ ገጽና ብኽብሪ ኣምላኽ ኬንጸባርቕ እዩ። ሓጎስና ድማ መወዳእታ ኣይክህልዎን እዩ። ወለዶና ክቡር እዩ። ደቂ ዓዶም ንቅዱሳን ኢና። ንሓን ደቂ እቲ ሰማያዊ ንጉስ ኢና። ካብዚ ናይ ድኅነት ጸጋ ምእንቲ ከይንርሕቕ ኣብ ውሸጢ ቤተክርስቲያን፡ ኣብ ውሸጢ እታ ዕርድቲ ከተማ እግዚኣብሔር ንንበር። እግዚኣብሔር ምእንቲ ክሕልዉና ኣብ ዙርያና፡ ናይ መላእኽቲ ጭፍራ ሠራዊት ኣሰፊሩ ኣሎ። ስለዚ ንቤተክርስቲያን ኣይንንዓቕ። ንሳ ንድኅነትና ካብ ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተዋህበትና ህያብ እያ። "ኦ እግዚኣብሔር ካብ መንግሥትኻ ከይወጽእ ሓልወኒ። ሕይወት ናይቶም ኣርኣያ ዝኾኑኒ ቅዱሳን ክሰዕብ ኣኽእለኒ። ምስኣቶም ክመክርን ከዕልልን ሓግዘኒ። ደገፎም ብግቡእ ክጥቀመሉ መሃረኒ።" |